# ኤችኣይቪ ሃልዩዎም ክነብሩ ይኽእሉ እዮም

ግልጋሎት SAYFSM ተስፋን ዕላማን ንኽህልዎም ክሕግዞኦም እዩ።

እዚ ፕሮግራምን ግልጋሎትን ኣብ SAYFSM ክረኽብዎ ይኽእሉ እዮም:

- ኣብ ኣፍሪካ ምስ ኤችኣይቪ ዝነብሩ ሰባት ሞራላዊን መንፈሳዊን ሓገዝ ይገብር
- ምኽሪን ምርመራን ኤችኣይቪ ይገብር
- ትምህርቲ ምክልኻል ኤችኣይቪ/ኤድስ ይህብ
- ኤችኣይቪ ኤድስ ንዘለዎም ሰባት ትምህርቲ ጥዕናን ምክልኻል ይህብ
- ባህልን ቋንቋን መሰረት ዘገበረ ወሳኒ ናይ ትምህርቲ ናውቲ የቕርብ
- ዋኒን ሜዲካል ኣተሓሓዝ የካይድ
- ጠበቓ ጥንቃቐ ይኸውን
- ምኽሪ ጥዕና ኣእምሮ ይህብ
- ፍልፍል ሓይሊ ም መወከሲን ኣባይቲ፣ ስራሕ ቁፅር፣ ማሕበረሰባዊ ድጋፍ፣ ሓገዝ ምግቢም፣ ክዳን፣ትምህርታዊ፣ ሕጋዊ፣ ናይ ገዛ ኣቁሑትን ካልኦት ኣድለይቲ ነገራትን ይህብ::

## ነፃ ምርመራ ኤችኣይቪ ዝግበረሎም ቦታታት

SAYFSM -------------------------------- 651-644-3983

JustUS Health --------------------------- 612-341-2060

Red Door---------------------------------- 612-543-5555

## ይመርመሩ!

ኩሎም ምርመራታትን ተተሓዝቲ ዋኒናትን ኣብ ቤት ፅሕፈት ሳይፍስም ብነፃ ይርኽብዎ እዮም።

SAYFSM ደም ብምውሳድ ቅልጡፍ መሰረታዊ ኤችኣይቪ ኪት/ኦራኪውክ ኪት ብምይቃም ምርመራ ዘካይድ እንትኾን እዚ ድማ ግቡእ ስልጠናን ልምዲን ብዘለዎም ሰራሕተኛታት ኣባላት ዝግበር ምርመራ እዩ።



ቆፀሮ ግዜ ንምትሓዝ SAYFSM ይደውሉ።

ናይ ምርመራ ግዜ 15 ደቓይቕ ጥራሕ እዩ።

**ኣድራሻና:**
SAYFSM
2395 University Avenue, #200,
St. Paul, MN 55114

ቁፅሪ ስልኪ፡ (651) 644-3983
ኢማይል፡ info@sayfsm.org
ደረገፅ፡ www.sayfsm.org

ሓገዝ ንምግባር እንተደልዮም፣ብሰናይ ንቕበሎም!

እወ! ንሳይፍስም ሓገዝ ንምግባር ደልየ ኣለኹ፡
____$25 _____$10 ___ $5 _____ካሊእ

በይዘኦም ዝገብር ሓገዝ ናብ፡

SAYFSM
2395 University Avenue W, #200
St. Paul, MN 55114

**ምስ ሰላምታ!!**

ባህላዊ ኣድለይቲ ዝኾኑ ግልጋሎታት ይህብ

sub-Saharan African Youth & Family Services in Minnesota
SAYFSM

ኣብ ሜኒሶታ ዝርከቡ መናእሰያት ትሕቲ ሳህራ- ኣፍሪካ (SAYFSM) ብዛኦባ ባህላዊን ኤችኣይቪ ኤድስ ትምህርቲ ድማ ማሕበራዊን ግልጋሎታት ምስዚ ዝተተሕሓዙ ቋንቋታትን ግልጋሎት ይህብ።

# Mbiu

SAYFSM ሕዱሽ መጋዚን ሕትመት 18/ዲሰምበር 2021 St. Paul, MN

651-644-3983 www.sayfsm.org info@sayfsm.org

## ካብ ነውሪ ወጻኢ ዝኾነ ሓድሽ ሰላምን ናጽነትን



ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ እየ ተወሊደ ዓብየ ። ሽመይ ሃገረ ኣትናፉ ይብሃል ከምኡዉን ኣብ 30ታት ዕድመይ እርከብ ። ኣብ ሰብተምበር 2001 ናይ ጥንሲ መርመራ ኣብ ዝገበርኩሉ እዋን ኤች. ኣይ. ቪ./ኤይድስ ከም ዘለኒ ክፈልጥ ዝኸኣልኩ። ሰብኣየይ፡ብሰንኪ ስርሑ ተደጋጋሚ ጉዕዞ ናብ እተፈላለየ ክፋላት ናይታ ከተማ ስለዝነበሮ፡ መርመራ ናይ ኤች. ኣይ. ቪ./ኤይድስ ክገብር ወሲኑ።

ኤች. ኣይ. ቪ ኣብ ደመይ ከምዘሎኒ ምስ ተነግረኒ፡ ነቲ እተነግረኒ ክኣምን ኣይከኣልኩን ። ኣብቲ ግዜ እቲ፡ ኤች. ኣይ. ቪ.. ዘለዎ ሰብ ድኹም፡ ቀጢን፡ ጸማልያ ከም ዝኾነ ጌርካ እዩ ብሰፊሑ ዝሕሰብ ነይሩ። ኣነ ግን ዋላ ሓንቲ ካብዚ ምልክታት እዚ ኣይነበረንን ። ኤች. ኣይ. ቪ ኣብ ኣካላተይ ኣበይ ተሓቢኡ ከምዝነበረ ክናዲ ጀመርኩ። ኣብ ኵሉ ቦታ ኣብ ኣካላተይ እኳ እንተ ፈተሽኩ ግን ኣይሰለጠንን ።

ብዛዕባ ናይ ኤች. ኣይ. ቪ ኩነታተይ ድሕሪ ምፍላጠይ፡ ንሰብኣየይ ምርመራ ክገብር ሓቲተዮ ። እንተኾነ ግን ይትረፍዶ ክምርመር፡ብዛዕባ ምርመራ ኤች. ኣይ. ቪ.. ንምዝርራብ ከማን ነጺግዎ። ዋላ'ኳ ዘእምንን ጭቡጥን ምኽንያታት ብምሃብ ከእምኖ እንተ ፈተንኩ፡ ሓሳቡ ክቕይር ኣይከኣለን ። ኣብ ክንዳኡ፡ ንዓይ ጠንጢኑ ከምኡዉን ካልእ ሰበይቲ ንኽምርያ መደብ ገበረ ። ነታ ህጻን ጓለይ በይነይ ክከናኽና ነበረኒ።

ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ/ አይድስ ዘሎ መንቓሕትን ትምህርትን ኣብ ማሕበረሰበይ ዉሑድ ምኧኑ ምስ ተገንዘብኩ፡ ኣብ ቤተ-ክርስትያን፡ ዩኒቨርሲቲ፡ከምኡዉን ማሕበረሰብ መሳለጥያታት ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. /አይድስ ብኸመይ ከም እንከላኸሎ ከምኡዉን ከመይ ከም ዝመሓላለፍ ንምምሃር ተበግሶ ወሰድኩ። ድሕሪ እተወሰነ እዋን፡ ሓደ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ መንግስታዊ ዘይኮነ ውድብ (NGO) ምሳታቶም ሓቢረ ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. /አይድስ ከምኡውን ብዛዕባ እቶም ምስ ኤች. ኣይ. ቪ. /አይድስ (PLWA) ዝነብሩ ዘለዉ ሰባት ኣብ ምንቓሕን ዘሎ ግጉይ ኣረዳድኣን ነውርን ኣብ ምውጋዱ ምሳታቶም ሓቢረ ክዓዩን ሓቲቶምኒ። ዓሚቐ ብሕታዊ ኣድልዎን ጽምዋን ክሳዕ ዘጋጥመኒ ጽቡቕ ንጥፈት እዩ ነይሩ ። ሓደ ቤትውሰቡ ንዋና ገዛይ ንሓደ ናይ ዩኒቨርሲቲ ተማሃራይ ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ./አይድስ ክምህሮ ምስ ረኣየኒ ንስራቤቱ ብምንጋር ካብቲ ገዛ ክስጉኒ ነገሮም። ካብቲ እተኻረኽዎ ገዛ ተደርብየ ከምኡዉን ግዳም ሓደር ኰንኩ።

ነቲ ንውሉደይ ከዕብዮ ዘሕለፍክዎ ፈተናን ጸበባን ብቓላት ክገልጾ ኣይክእልን እየ ። ንኣደይ ሓዊስካ፡ ንቐረባ ኣባላት ስድራ ቤተይ ቐሪበ ንውሉደይ ከዕብይዎ ሓተትክዎም ። ብሰንኪ ጠቐነን ሱር ዝሰደደ ግጉይ ኣረዳድኣ ኣብ ኤች. ኣይ. ቪ/አይድስ፡ ንውሉደይ ኣብ ምዕባይ ዝሕግዘኒ ሰብ ካብ ስድራ ቤተይ ክረክብ ኣይከኣልኩን። ኣማራጺታት ምስ ወዳእኩ፡ ንውሉደይ ናብ ትካል ዘኽታማት ክህቦ ወሰንኩ። ኣብ ገጠራት ንዝወርደኒ ሕስረትን ኣድልዎን ክጻወሮ ስለ ዘይከኣልኩ፡ ዝሓሸ ናብራ ክነብር ተስፋ ብምግባር ናብታ ርእሲ ኸተማ ገዓዝኩ።

ኣብታ ርእሲ ከተማ፡ ኣብ ቤተ-ክርስትያንን ኣብ መራኸቢ ብዙሓንን ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ./አይድስ ክምህር ጀመርኩ። ምስ ኤች. ኣይ./ አይድስ ብዛዕባ ምንባር ዘሕለፍክዎ ተመክሮታት ንምምሃርን ንምክፋልን ኣዘውቲረ ኣብ ሃገራዊ ረድዮን ናይቲ ከባቢ ኣብ ዝርከብ መደባት ተለቪዥንን እቐርብ ነበርኩ። ኣብ ርእሲ እዚውን፡ ነቶም ኣብ ቤተ-ክርስትያን እተዓቕቡ PLWA ንምሕጋዝ ወፈያ ዝገብሩ ሰባት ክውድብ ጀመርኩ። ይኹንእምበር

መራሕቲ ቤተ-ክርስትያን ግን በቲ ንመነባብሮ ዘለዓዓልክዎ ምንቅስቓስ ኣይተሓጐሱን ከምኡዉን ምስቶም ኣብ ቤተ-ክርስትያን ተዓቚቦም ዝነበሩ PLWA ንኸይራኸብ ድማ ከልከሉኒ። ኣብ መንነ ማሕበረሰበይ ክነብርን ክሰርሕን ተስፋ ስለ ዝቑረጽኩ፡ ካብታ ሃገር ክሃድም እሞ ብሰላምን ናጽነትን ናብ ወጻኢ ሃገር ከይደ ክነብር ሓሰብኩ።

ብ2012፡ ናብ ሳውዲ ዓረብ ንምብጻሕ ኣድካሚ ጉዕዞ ገበርኩ ። ብየመን ናብ ሳውዲ ዓረብ ኣብ ዝነበረ መንገዲ፡ ሽዱሽተ ነጋዶ ዓዋሉ ተዓመጽኩ። ደኺመን ተጎዲአን ናብ ሳውዲ ዓረብ በጻሕኩ ። ናብ ሃገረይ ምእንቲ ኽስጎጉ ናብ ፖሊስ ነብሰይ ኣረከብኩ። ናብ ሃገረይ ድሕሪ ምላሰይ፡ ናብ ስደተኛታት ንምጽንባርን ኣብ ምዕራባዊ ሃገር

ብሕፍረትን ኣድልዎን ከይሻቐኹ ሂወተይ ክመርሓሉ ዝኽእል ናይ ነባርነት ዕድል ንምርካብ ክምለስን ናብ ጐረቤት ሃገር ሃደምኩ። ብዕድል፡ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ክልተ ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ንኽነብር ተቐበሉኒ ። ብ2019 ስደተኛ ኮይነ ናብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ መጻእኩ ከምኡዉን ካብቲ ግዜ እቲ ኣትሒዘ ድማ ኣብ ሚኒሶታ እነብር ኣለኹ ።

ብሰንኪ እቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዘጋጠመኒ በሰላን ናይ ቋንቋ ዕንቅፋታትን ሃንደበታዊ ፍጻመታትን ምስ

**ነብስኻ ኣይትገልል፣ ግናኸ ካብ ጽላሎት ወጺእካ ዝደለኻዮ ህይወት ምራሕ።**

ኣመሪካ ምልማድ ኣጸጊሙኒ እዩ። ሕጂ ቤትን ስራሕን ክረክብ ክኢለ እየ ። ናብ ኣመሪካ ካብ ዝመጽእ ኣትሒዘ፡ ብዙሕ ዝሕግዘኒ ሕክምናውን ስነ ኣእምሮኣውን ደገፍ ንምርካብ ኣዘውቲረ ናብ ሓካይም እኸይድን ናብ ቴጸራታት ስነ ኣእምሮ እኸይድን እየ። ኣብ ጁላይ 2021 ምስ SAYFSM ተጸምበርኩ ። SAYFSM ኣድላዪ ዝኾነ ሓልዮትን ስነ-ማሕበራዊ ደገፍን ስለ ዝሃበኒ አመስግኖ እየ።
.

ንገዛእ ርእሶምን ነቶም ዘፍቅርዎም ሰባትን ካብ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ክዕቑቡን እንተተኻኢሉ ተኻኢሉ ካብ ጾታዊ ርክብ ክሕረሙን ወይ ኮንዶም ክጥቐሙን እጽዉዕ። ወልፊ ሓሸሽ ናብ ዘይዉሑስ ጾታዊ ርክብ ክመርሕ ስለ ዝኽእል፡ ነቲ መንእሰይ ወለዶይ ካብ ወልፊ ሓሸሽ ክርሕቕ እምሕጸኖ ። ተወሳኺ፡ ነዚ ምስ ኤች. ኣይ. ቪ/አይድስ ንዝነብሩ ሰባት ከምዚ እብሎም ፡- ነብስኻ ኣይትገልል፣ ግናኸ ካብ ጽላሎት ወጺእካ ዝደለኻዮ ህይወት ምራሕ። ብዘይካዚ፡ ንስድራ ቤተይ ብዛዕባ ጥዕናን ጥዕናን ነቶም ንኣሽቱ ኣባላት ስድራ ቤቶም ኪመያየጡሎምን ተጠንቂቖም ኪቈጻጸርዎምን እጽውዖም ።



*ደራሲ ናይዛ ዛንታ እዚኣ ስማ ክትፍለጥ ኣይትደልን እያ ። ሃገር ሳትናፉ ናይ ሓቂ ስም እታ ደራሲት ኣይኮነን ።*

## ኤችኣይቪ ምስ ዝህልወካ ብኸመይ ትፈልጥ?

ምምርማር ኤች.ኣይ.ቪ ከምዘለካ ከተረጋግጸሉ እትኽእል እቲ እንኮ መንገዲ እዩ። ኤች.ኣይ.ቪ ዘለዎም መብዛሕትኦም ሰባት ድሕሪ እቲ ሕማም ንእተወሰነ ዓመታት ዋላ ሓንቲ ምልክት ኣይህልዎምን ኢዩ። ስለዚ፣ ኤች.ኣይ.ቪ ከምዘለካ በቲ ዝስምዓካ መሰረት ክትፈልጥ ኣይትኽእልን ኢኻ። ምምርማር እቲ እንኮ መንገዲ ርግጸኛ ክትኮኖሉ እትኽእል ኢኻ።

ዘይዉሑስ ጾታዊ ርክብ ምስእትገብር ወይ መጻምድኻ ንኤች.ኣይ.ቪ ኣወንታዊ ዉጽኢት ምስ ዝህልዎ/ዋ፣ ክትምርመር ጽቡቕ ሓሳብ እዩ። ምስ ካልኦት ሰባት መርፍእ ናይ ሓባር ተጠቒምካ እንተነይርካ (መርፍእ ንሓሸሽ መዉሰዲ፣ መስኾሪ፣ ከምኡዉን መዉቐጢ ኣብ ነብስኻ ሓዊስካ) ክትምርመር ኣለካ።

ናይ ኤች.ኣይ.ቪ ግዳይ ምስ እትኸዉን፣ መድሃኒታት ንጥዕና ክትቕጽል ዝሕጉዝኻ ክትወስድ ከምኡዉን ናብ ካልኦት ከተመሓላልፈሉ እትኽእለሉ ዕድላት ንምንካይ፣ምፍላጥካ ጽቡቕ እዩ።

ኤች.ኣይ.ቪ ከምዘለካ ምፍላጥ ዘፍርሕን ንክትቖጻጸሮ ዘጸግምን ክኸዉን እኽእል እዩ። ሰራሕተኛታት SAYFSM ንዘለካ ሕቶታት ክምልሱን ንዘለካ ሻቕሎታት ክራግፉ ይኽእሉ እዮም። ቕድሚ ምምርማርካ፣ ሰራሕተኛታት SAYFSM ኣሉታን ኣወንታን መልሲ ናይ ምርመራ ንዓኻ እንታይ ምኻኑ ንክትርዳእ ክሕግዙኻ እዮም። መልሲ ምርመራኻ ኣወንታ ምስዝኸዉን፣ ሓገዝ ናይ ክትኣምኖም ከምእትኽእል ትፈልጥ ሰባት ንናትካ ድሕነት ኣገዳሲ ክከዉን እዩ። SAYFSM ብናጻ ስምዒታዊ ደገፍ ዝህብ ጉጅለን ምኽሪ ዝህብ ኣገልግሎታት፣ ከምኡውን መሰረታዊ ድሌት ዜድልዮ ሓገዝ ይህብ እዩ።

## ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስ ዝህልወካ፣ ነዞም ናይ ነጻ ኣገልጉሎታት ንSAYFSM ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

- ኣብ ኣባይቲ፣ ንብረት፣ኣቕሑ ገዛ፣ መግቢ፣ ክዳውንቲ፣ ስራሕ ምትሕግጋዝ
- ምኻድ ናብ ክሊኒካታት፣ ናብ ኣለይቲ ኣእምሮኣዊ ጥዕና፣ ናብ ሕጋዊ ኣገልግሎት፣ ናብ ክላሳት ESL፥
- ሓገዝ ምትርጓምን፣ ከምኡዉን
- ናብ ናይ ሕክምና ቘጸራታት ምጕዕዓዝ።

*ኣገልጉሎታት SAYFSM ነጻ፣ ምስጢራዊ፣ ከምኡዉን ፍርዲ ዘይብሉ እዩ።*
*መበቁል ባህሊ ቋንቋ ከምኡውን ሃይማኖት ብዘየገድስ ንኹሎም ኣፍሪቃውያን ነገልግል ኢና።*

